# መግለፂ ኮሚኒቲ ትግራይ ዋሽንግተን ዲሲን ከባቢኣን

October 25, 2015

ኣብ ዋሽንግተን ዲሲን ከባቢኣን ዝነብር ትግራዋይ ንንውሕ ዝበሉ ዓመታት ብፍላይ ድማ ንዝን ዝሓለፉ ዓሰርተ ዓመታት ንኹሉ ትግራዋይ ብዘይ ገለ ኣፋላላይ ዘተኣኻክብ ኮሚኒቲ ክህልዎ ብዙሕ ፈተነ እንተተገበረ እውን ብዝተፈላለየ ምኽንያት ዓፅሩ እንተይተሳኽዐ ፀኒሑ።

ኣብ ቀረባ እዋን ኮሚኒቲ ክህልወና ግድን የድሊ ኢሎም ዝተንቀሳቐሱ ተጋሩ ተስፋ እንተይቆረፁ ብዝገበሩዎ ተኸታታሊ ዓፅሪ October 4, 2015 ሓፈሻዊ ኣኼባ ተወለድቲ ትግራይ ነበርቲ ዋሽንግተን ዲሲን ከባቢኣን ክካየድ ክኢሉ እዩ። ኣብዙ ኣኼባ እዙይ እውን ኩላትና ነበርቲ እዙ ኸባቢ ዝኾና ተጋሩ ብዘይገለ ኣፋላላይ እንተሓባበረሉ ኣድላይነት ኮሚኒቲ ትግራይ ብዕምቆት ብምዝታይ፤ ኣብ ሙሉእ ምርድዳእ ድሕሪ ምብፃሕ፤ ንቱ ንኣስታት ክልተ ዓመት ዝፀንሐ ጊዜያዊ ኮሚቴ ብምትካእ ትሽዓተ ቀወምቲ ኣባላት ዘለውዎ ኣመራርሓ ቦርድ ኮሚኒቲ ትግራይ ዋሽንግተን ዲሲን ከባቢኣን ብዲሞክራሲያዊ ኣገባብ ክምረፅ ክኢሉ።

እዙ ኣመራርሓ ቦርድ ኮሚኒቲ ትግራይ እውን ካብ October 11, 2015 ኣትሒዙ ሓላፍነት ስርሑ ብዕሊ ፈሊጡ፤ ውሽጣዊ ክፍፍል ስራሕ ብምግባር፤ ብሙሉእ ዓቅሙ ኣብ ምንቅስቓስ ይርከብ። ኣብቀረባ መተሓዳደሪ ሕጊ ኮሚኒቲና ናብ ሓፋሽ ብምቕራብ ርኢቶ ክውሃበሉን ብውሳነ ሓፋሽ ከምዝፀድቕ ክግበር ምኧኑን፤ ነበርቲ ዋሽንግተን ዲሲን ከባቢኣን ዝኾንና ተወለድቲ ትግራይ እውን ሰብ ዋና እዙ ኮሚኒቲ ብምኧና ኩልና ኢድና ሓዊስና ባህልና ቋንቋናን ታሪኽናን እንዕቅበሉ፤ ደቅና ዝተሓዋወሱሉ፤ ኣረጋውያን ዝድገፉሉ፤ ማሕበራዊ ርክብና ኣደልዲልና እንተሓጋገዘሉ፤ ብሓፈሻ እንሓብረሉን ብመንነትና እንኾርዐሉን ኮሚኒቲ ንክኸውን ኩልና በብዓቕምና ኣብጎኒ እዙ ቦርድ ኮይንና ክንሰርሕ ንላበው።

እንኳዕ እውን ንዙ ከምዙይ ዝበለ ቅኑዕ ዕላማ ዝሰነቐ ምስረታ ኮሚኒቲ ትግራይ ዋሽንግተን ዲሲን ከባቢኣን ኣብቅዐና እናበልና፤ ኣብቐፃሊ ኣብእንዕድሞም ኣኼባታትን ምድላዋትን ኮሚኒቲና ንኽትርከቡን ንኽንሓብርን ደጊምና ንላበው።

ኣመራርሓ ቦርድ ኮሚኒቲ ትግራይ ዋሽንግተን ዲሲን ከባቢኣን